# ውልቀ መራሒ ህግደፍን እታ ሰልፍን።

ሳልሳይ ክፋል (ብተስፉ ዘውደ)

ከምቲ ኣብ ካልኣይ ክፋል ዝተጠቕሰ ህዝባዊ ሓይልታት ንህዝቢ ምኽባርን፣ እቲ ህዝቢ ድማ ወሳን ዕድሉን ክኸውን ዝጠልቦ ጠለባት ከተተግብር ኣይተማህረትን ምባለይ ዝዝከር ኢዩ። ኣዚ ኣበሃህላ እዚ ነቲ መራሕን ነታ ብምትላል ዝሃነጻን ናይ ብሕቱ ሰልፊን እንበር፣ ነቶም ኣብታ ሰልፊ ካብ ትህንጽ ዝተሳተፉ ኣይምልከትን። እዚ ኣብቲ ዳሕራይ ዝበርህ ጽሑፋት ዝርዝራት ከቕርቦ ኢየ። ብመጠኑ ቆንጪለ ክጠቕሶ ዝደፋፍኣኒ እቲ ቅድሚ ካልኣይ ውድብ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝነበረ ዋዜማ ኮነ ምንጻል ዓብሊሉ ዝኸደ ሜላ ብመጠኑ ንምግላጽ ኢዩ። ንኹሉ ክፍጸም ዘለዎ እንተ ብዕላማ (ስትራተጂ) ወይ ብሜላ ከመይ ተሰንዩ ይቐርብ፣ ርእሱ ዝኽኣለ መሰጋገሪ መድረኽ ኢዩ። እዚ መድረኽ'ዚ ከኣ ኢዩ እቲ ቀንዲ ኣተኩሮ ክግበረሉ ዝግባእ። ኣብቲ መሰጋገሪ እዋን ዝግለጽ ዝነበረ ናይ ምትእርራም ፈተነታት ከም ዝተገብረ ይሕበር ነይሩ። ግን እንታይ ኢዩ እቲ ክእረም ዝነበሮ? መን'ከ ኢዩ ኣራሚ፣ መንከ'ዩ ተኣራሚ? እዚ ኢዩ እቲ ቀንዲ ንኹሉ እቲ ሎሚ ዘጋጥመና ዘሎ ሕልኽላኽ መስመር ዝፈጠሮ።

ብመጀመርያ ነቲ ሕልኽላኽ ዝፈጠረት እታ ሃጸያዊት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢያ። ንሳ እውን ካብቲ ኣብ እዋን ምምሕዳር ብሪጣንያ ከሎ ዝጠንሰሰቶ ግን ብናይ እንግሊዛውያን ዝተጀመረን፤ ብወካሊ ናይ ለዝን ኦፊሰር ኮሎኔል ነጋ ሃይለስላሴ ኮነ ምስታ ማሕበር ኣንድነት ምስ ኢትዮጵያ ዝተኣልመ ውዲት ኢዩ ነይሩ። እዚ ኣብ ልዕሊ ስሙ ዝተጠቕሰ ሰብ ገንዘብን ዕጥቅን ናብ ኤርትራ ከም ዝሰሉኽን እታ ኣብ ትሕቲ ናይ ብሪጣንያ ብሞግዚትነት ትመሓደር ዝነበረት ኤርትራ ድማ ብሸፋቱን ከተርትን ከም ትርበጽ መደብ ኣውጽአ። እዚ ሓገዝ ሞግዚታዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ ዘይተፈልዮ ሌገፍን ኦፊሰር ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ወይጦታት ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ዝመደበሩ ናይ ገንዘብን ዕጥቅን ዝዋፈረሉ ግብረ ሽበራዊ መስርሕ ይካየድ ምንባሩ ይዝከር። ከም ኣቶ ወልደኣብን ኣቦና ከቢረን መውጋእቲን ሞትን ናይቲ እዋን'ቲ ጭቡጣት ምቕታልን መውጋእትን ክንጠቅስ ንኽእል። ብናይ በረኻ ሽፍትነት ድማ መዋፈርቲ ከም ጸሓፍፈ-ትእዛዝ ወልደገርጊስን ልእኽምን ወካሊኦም ኣብረሃ ወልደታትዮስ ናይ ሽዑ ኮሎኔል ዳሓር ለተና ጀነራል ኢሰያስ ገብረስላሰን ካብ ሽረን እኽሱም ገንዘብን ዕጥቅን እንዳ ሃቡ ንኤርትራ ብሽፍትነት ዝሃወጹን ዓመጽን ሽበራን ዘካየዱ ከም ዕሉላት ሽፋቱ በዓል ሓጎስ ተምንዎ፣ ኣስረሰሀይ እምባየ፣ ደቂ

ሙሳዝጊ ከምኡውን ካልኣት ሸፋቱን ምንባሮም ዝዝከር ኢዩ። እቲ ቀንዲ ዘካይድዎ ዝነበሩ ድማ ብፍላይ ሓጎስ ተምነዎ ምስ መሻርኽቱ ኣብ ባርካ ኣሓ በንዓምር በኣማኣት ብምዝራፍን ንትግራይ ብምስጋርን ዓመጽ ኣብ ልዕሊ በንዓምርን ናራን ብምክያድ ንሰላማዊ ህዝቢ መውጽእን መእትውን ከም ዝኸልእዎ ዘይርሳዕ ኣዕናዊ ጸብጻብ ታሪኾም የረጋግጽ።

ታሪኽ ንፖለቲካዊ ናጽነት ብ1 መስከረም 1961 ብረታዊ ቃልሲ ተጀሚሩ ይበል እንበር እቲ ቀንዲ ምክልኻል ህዝቢ ባርካ ግን ካብ 1947 ብጥርኑፍ ዝጀመሮ ጅግና ኣያን ኣቦን ህዝቢ ሓምድ እድሪስ ዓዋት ኢዩ። እዚ ህዝባዊ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣማኒ ምስልምና ኮነ ኢልካ ንህዝቢ ኤርትራ ከም ዝበሳበስን ብናይ እምነት ምፍልላይ ከም ዝናወጽን ምግባር ዝተፋሕሰ ማእለማ ኢዩ። እዚ ተግባር እዚ ኣብ መወዳእታ 40ታት ይካየድ ይንበር፣ ግን ብኻልእ ስውሩ ውሽጣዊ ሽበራታት ድማ ኣብ 50ታት እውን ይደጋገም ነይሩ። እቲ ብማሕበር ፍቕሪ ሃገር ንምሉእ ናጽነት ዝተኻየደ ቃልሲ ንምብርዓን በዓል ኮለነል ነጋ ሃይለስላሰ ኣብተን ዝተፈላለያ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ኣባላቶም ብምጅላሕን ኣስሊኾም ብምእታውን ንናይ ናጽነት ቀጽሪ ንምብርዓን ዘካየዎ ሸርሒ ብዙሕ ደም ፈሲሱን ንፖለቲካ ኤርትራ ደዊኑ ምሉእ ናጻነት ከም ዘይግበኣና ኣህሲሱን ነይሩ ኢዩ። ኣብ ትሕቲ እዚ ሽበራዊ ደበና ድማ ንምክልኻል እምነትን ሃገርን እቲ „ሽባን“ ዝብል ጉጅለ ክቐውም ዝተበገሰ። ነቲ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ሰሊኾም ዝኣተዉ ድማ ብስለላዊ ተግባር ናይ ንጹሃት ሃገርውያን ደም ከም ዝፈስሱ ተገይሩ። ኣብቲ ናይ ሹባን ማሕበር እውን ሱቲኾም ዝኣትዉ ምንባሮም ዘይከሓድ ኢዩ። ምንዋጽን ምቅንጻልን ጸብጺብካ ናብቲ ናይ በዓል ኣንዞ ማተንዞ ዝቐርብ ምእንቲ ኤርትራውያ ንናጽነት ዘይምብሳሎም ዘርኢ ዝርዝር ክቐርብ ዝተማህዘ ማእለማ ብቑኒን ተጠምጢሙ ብማእለማ ተኣሊሙ እድያቱ ቀጠልያን ብጫን ቀይሕን ክቕባእ ኢዩ ተረኪሙ። እዚ ሪክያሞዚ ግን ቀጠልያን ብጫን ኣይተለከየን። ሸኻን ዱርን ኮነ ወርቂ ውን ኣይተረኸበን። እታ ቀያሕ ግን ንዓና ንኤርትርውያን ኣጠልቅያትናን ኣዕለቕሊቓትናን። ክቡርን መጠን ዘይብሉ ደማና ንሃገርና ኣስቲናያ። ነዚ ኹሉ እዚ ድማ እቲ ዝኸፍአ ናብቲ ዕጥቃዊ ቃልስና ምስግጋሩን ምእታዉን ኢዩ ኣዝዩ ዘሕዝነና። ኣንጻር መግዛእቲ ዝኸፈልናዮ ዝተጸበናዮን ዝመደብናዮ፣ ምእንቲ ከፊልና ናጽነትና ክንጭብጥ ጥራይ ዘኮነስ ክንውፈ'ና ተቓሊስና። ቃልስና ንምሉእ ናጽነት ይኹን እንበር መሰነይታ መደብና ድማ እቲ ደመኛና ዝገደፎ ኣሰር ምሳና ሊሒኹ። ነቲ ዝለሓኸ ድማ ስለ ዘየማዕደናዮ ኣይተማሃርናሉን። ገና እውን ንደሚ ኣሎና።

ዕጥቃዊ ቃልስና ክምስረት ከሎ ነቲ ኩሉ ዝሓለፈ ክትንተን፣ ነቲ ዝተተንተነ ድማ ከይድገም መከላኸሊ ሜላ ክህነጽ፣ ነቲ ዝተሃንጸ ኣብ ተግባር ክውዕል፣ ነቲ ዝተፈጸመ ድማ

መቐጸልታ መሳልል ክስርዓሉ፣ ንዝተበጽሐ ገምጊሙ ድማ ቀጻሊ መደብ ክሕንጽጽ ምተገበአ። ጀመርቲ ሰውራ ፓለቲካዊ ስጉምቶም ብዘይካ እቲ ዕጥቃዊ ሰውራን ሰራዊትን፣ ንዕኡ ዝመርሕን ነብሱ ዝመርሓሉን ክለሰ-ሓስብ ከም መምርሒ ክስፍር ነይርዎ። ነቲ መምርሒ ክልሰ-ሓሳብ እውን ምስ ህዝብን ሃገርን ማለት ንማሕበራዊ ቅርጽን እምነትን ከም ቀንዲ ረቛሒ ዝጠመተን፣ ሙሁራትን ለባማትን ብደቅቕ ኣጽኒዖም ዘቕረብዎ ክኸውን ምተገበአ። እዚ እውን ብዕቱብ ተሳትፎ ህዝቢ ክምእከልን ክውንን ዝብል መርገጺ ኮነ መስመር ምስ ዝመርሖ፣ ንኹሉ ምቁጽጻር መኸኣለ። ቂምታ ሒዙ ዝተበገሰ ኣካል ብመጀመርታ ቂሙ ኣንጻር መን ዝቐንዕ ኢዩ ክስፍር ዝግባእ? ብፍላይ ነቲ ኣብ ደቂ ሃገር ገጹ ዝተንጠነ ሽርሕታት መበገሲኡ ወይ ቀንዲ ፈልፋሊ ኣለልዩ ኢዩ ክብገስ ኢዙ ዝነበሮ። ስርዓት ኢትዮጵያ ጥራይ ከም ጸላኢ ምቕማጥ በይኑ ኣኻሊ ኣይነበረን። ኢትዮጵያ ፈታውን ጸላእን ኮይኑ ዝተመቓቐለ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ከም ዘርበሓ ትፍልጥ ነይራ። ነቲ ህዝቢ ድማ ክዳመየሉ ዝኽእል ተንኮልን ማእለማን ከም ተመክሮ ቀጥ ኣቢላ ሒዛቶ ኢያ ተዋፊራ። ፖለቲካዊ መስርሕ ንጸላኢ'ኻ ምንጻል፣ ምፍንጫል፣ ስነ-ኣእምሮዊ ጭንቂ ከም ዝሓድሮ ምግባር የርብሕ። ስርዓት ሃጸያዊ ኢትዮጵያ ነዚ ተግባር እዚ ልዕሊ እቲ መከላኸሊ ዕጥቃ ኢያ ሪኣቶ። ነቲ ቀንዲ መከላኸሊ መስመራ እውን በዚ ተንኮል እዚ ኢያ ዓጢቓን ኣዕጢቓቶን። ነቲ ብረታዊ ቃልስና ድማ ብዘይ ኣቓልቦን ምስትብሃልን ኢዱ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሃገር ማለት ምስ ህዝብና ክቀሓሓረሉ ዝኽእል መንጸፍ ዘርጊሑ። ሶሊኻን ተሞኽልያን ትኣትወሉ ሜላ ድማ ነቲ ክርስትያናዊ ኣካል ኤርትራ ክጽለኣሉ ዘለዎ ተግባር ክትፍጽም ተዋፊራ። ሰውራ ኣብ ኣስላማዊ ከባቢ ስለ ዝተመስረተ፣ ነቲ መስራቲ ድማ ምስ ሓዉን ሓብቱን ምንቛት ኢያ ፊሒሳን ጠነግ ኣንቢራን።

እቲ ዕጥቂ ዘይዓጠቐ ህዝብና፣ ግን ኣብ ፍሕሶን እኩይ ተግባር ዘይተዋፈረ ሰፊሕ ህዝብና ግዳይ ናይ ኢትዮጵያ ተንኮል ከም ዝኸውን ተገይሩ። ህዝብና ግን ኣይተፈላለየን፤ ኣይተሃመለን። እቲ ካብ 40ታት ጀሚሩ ህይወቱን ጥሪቱን ንብረቱን ዝበረሰ ናይ ቆላታት ህዝብና ግን ነቲ ጅምላዊ ማሕረድን ዝምታን ስለ ዝተሳጠሓ ህዝቢ ከበሳ ብዘይካ እቶም ገለ ገለ መሳርሒ ሃጸያዊ ስርዓት ሃይለስላሰ ዝኾኑ ሕዙንን ጉህይን ምንባሩ ዝኸሕድ ሰብ የለን። ኣብ በረኻታት ባርካ ሰምሃር ኣብ ዋራን ኢራን ኣብ ሰንሒትን ኣብ ተቐማጦ ሳሆ ዘለዉ ኣመንቲ ምስልምና ዝተኻየደ ህልቂት መን ይስሕቶ። ንሓንቲ ላም ወይ ሓደ ብዕራይ ብ0.50 ሳንቲም ጦር ዘሚቶም ዘምጽእወን ክሸየጣ ንዕዳጋ ተዋፊረን ህዝቢ ክሳብ ክንደይ ከም ዝሓዘነን ዝበኸየን ናይቲ ሽዑ መንእሰይ ዕድመ ሎሚ ግን ጸግሩ ካልእ ሕብሪ ዝተለወጠ ወይ ዝተልጠ ሽማግለ ዝዝክሮ ሓቂ ኢዩ። በቲ ካልእ መዳይ ድማ ካብቲ

ንግፍዕታት ዝተጋለጸ ወገን ዘንጸርጸሩ ገለ ገለ ተቓለስቲ ድማ ኣንጻር እቶም ኮማንድስ ዝፈጸምዎ ኣብ ልዕሊ የሕዋቶም ኤርትራውያን ናይ መረረ ስጉምቲ ምውሳዶም ዝዝከር ኢዩ። ኣብ ምሉእ ዓለም ድማ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዘናቖት ተግባር ብኸምቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝፍጸም ዝነበረን ተግባር ክደጋገም ክሳብ ሎሚ ይርአ። ነዚ ህዝቢ ኤርትራ ፈሊጥዎን ነጺግዎን ስለ ዝኸደ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣንጸርጺሩ ንመንእሰያት ከተማ ኣስመራን ከባቢኣን ብስልክን ብዓረርን ዝፈጸሞ ዝከሓድ ኣይኮነን። ህዝብና ተረረን ሓየለን እንበር ኣይተንበርከኸን።

እዚ ናይ ሎሚ ጉዳይ ግን ኣሰሩ ዘገደፈ ካብ 40ታት ጀሚሩ ተጠናኺሩ ዝቐጸለ ዘሎ ተግባር መሰረቱን መበቆሉን ቀሊል ኣይኮነን እኳ ደኣ ነዊሕ ሱር ኣለዎ። ብርግጽ ድማ ነዊሕ ሱር ኣለዎ። ኣይትረስዑ እታ ናይ መወዳእታ 1966 ሰነድ። ቀላል ገርኩም ኣይትውሰድዋ። ህዝብና ሎሚ ሓቢሩ ዘይዝቲ፣ ተነጻጺሉ ዝኸይድ ኮይኑ፣ ሓድነት፣ ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ ዝብል ናይ ወረቐት መግለጺ ጥራይ ከም ዝኸውን ዝተገብረሉ ፍሕሶ ቀስ ብቐስ ነቲ ዝተጠናነገ ፈትልታት ንምዝርዛር ንበገስ። ገጢሙና ዘሎ ፍረ ናይቲ እዋን'ቲ ኢዩ። ኣጽፋሩ ካብ ማእከል መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ዝበቐለ ከም ዝኾነ ክካሓድ የብሉን። እስኪ ንኺድ ንሰጉም፣ ክንሰግሮ ነቲ ህጉም።

እቲ ቀንዲ ፍልልይ ኣብቲ ከበሳውን ቆላውን ህዝብና ዝበቐለ ኣይነበረን። ህዝቢ ብናቱ ዓቕሚ ተመኪሩን ኣስተብሂሉሉን ብምንባሩ እቲ ጉድለት ኣብቲ ናይ ዕጥቂ ቃልሲ ኢዩ ክባራዕ ተመዲቡ። ህዝቢ ንምትላል መታን ክጥዕም እቲ ቫይሩስ ብመጀመርያ ኣብቲ ዕጥቃዊ ሰውራ ክተኣታቶ ምስ ዝከኣል ዝያዳ ውጺታዊ ክኸውን ከም ዝኽእል ሃይለስልሴን ኮራኩር መሳርሕቱን ኣሚቶም። ሃጸሃዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ብናይ ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝተዋህቦ መምርሕን ክፍኣትን ብዝከኣሎ ነቲ ህዝቢ ስለ ዘይኣመኖ ሓያል ናይ ስለላ መርበቡ ዘርጊሑ ዝሰርጸሉ ናብ ብረታዊ ቃልስና ኢዩ ኣድሂቡ። ነቲ ዝሃነጸ ናይ ምፍልላይ ተግባሩ ከዐውት ብተዘዋዋሪ ከዳዓት ክልእኸ ከም ዝተዋፈረ መን ይኽሕድ። ገለ እውን ናይ ግድን ኣይኮነን ተላኢኹ ኣብ ቃልስና ክሕወስ። እንተ ቤታዊ ሕማምን ወይ ካልእ ናብ ውልቀ-ረብሓን ኣንነትን ዘማዕበለ በቲ ዝምቡል ሕማም ከም ዝሰርጸ ተገይሩ፣ ናይ ሓንጎል ምሕጻብ ተኻይድሉ፣ ነቲ ዝድለ ተንኮል ከዋፍር ሃሙን ቀልቡን ናብ ዝረብሓሉ ኣንፈት ክምራሕ ይግበር። ጥራይ ክሕወሰሉ ዝኽእል መደብ ብዘይጭዋ ትኪ ክመሓላለፈሉ ይኽእል። እዚ ናቱ ረብሓ ኣካል ድማ ልዕሊ ኩሉ ዝጠመተ ካብ ኩሎም ዝኸፍአ ኢዩ። ከምዚ ዝበል ሰብ ድማ ብናይ ፓለቲካዊ ሽርሒ ሃሱስ ተባሂሉ ዝጽዋዕ። እዚ ከምዚ ዝበለ ሰብ ዝቕንሉ ዝንባሌ ስለ ዘለዎ፣ ከምኡውን ቀይደ በተ'ኸ ስለ ዝኾነ ክዓብን ክብ ክብልን

ስለጣን ክጭብጥን ኣባላት ስድራ-ቤቱ ኣሕሊፉ ምእንቲ ረብሕኡ ድማ ኣብ ልዕሊ ህይወት ንጹሃት ዘጋታት ምቕንጻላትን ምህላቕ ይበጽሕ።

ህርፋን ስልጣን ካበይ ይቦቅልን ይብገስን ድማ ርእሱ ዝኸኣለ መበገሲ ኣለዎ። ሓደ ኣካል ካብ ስድራ-ቤቱ ዲዩ ወይ ድማ ብቐረባ ኣብ ኣብ ኣገልግሎት ከሎ እቶም ስለጣን ዝሓዙ ነቲ መድረኽ ብቐረባ ስለ ዝዕዘብ፣ ንመሳልል መደየቢ እንበር ነቲ ቀንዲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣየንብቦን። እንዳ ዓበየን እንዳ ወሰኸን ክኸይድ ከሎ ነብሰ-ኣድናቆቱ ጥርዙ እንዳ ወሰኸ ይኸይድን ይሰክርን። ንኹሎም ይዕንቁፉኒ ኢዮም ዝብሎም ክኣሊን ከጥፍን ይብገስ። ኣብ ዕላምኡ ክበጽሕ ነቶም ልዕሊኡ ዘለዉ በበይኖም ከመይ ገይሩ ከም ዝጸልዎም ይባላሓት። ናይ ተንኮል ክእለቱ ይዓቢ። ለይቲ ሰብ ክድቅስ ንሱ ድቃስ ዘይብሉ ይሓድር። ናይ ፍሕሶን ውድቲን ምኩር ይኸውን። ኩሉ ብቕዓቱ ድማ ብመለክዒ እታ „እቲ መስፍን“ ትብል ናይ ማኪያቨሊ ጸብጻብ ትህነጽ። ኩሎም መሳርሕቱ በብሓደ ብዝተፈላለየ የህልኽ። እዚ እውን ኣሰሩ ስለ ዝስዕቡ ንኹሉ ስጉምቱ ስለ ዝመልከትዎ፣ ነቲ ዘንበብዎ ኣሰር መታን ክድምስስ መትከሉ ይኸውን። ንዕኦም ክድምስስ ድቃስ ዘይብሉ ከውታን ከውሊን ብሕትውናን ይፈቱ። ኩሎም እቶም ናይ ብሕታዊ ስልጣን ዝጭብጡ በዚ መስመር እዚ እዮም ዝጓዓዙ። ንኹሉ ስነ-ፍልጠታዊ መግለጺታት ማንም ካብቶም ምስኡ ዘለዉ ክገልጹን ከቕርቡን ስለ ዘየፍቅድ፣ ዝበሃል ንዓይ ሃቡኒ ኣነ ክብሎ እሞ ንረብሓ ሓፋሽ ክውዕል ዝብል መታለሊ ሽሕጣን ሂቡ ይወስድ። ሂብናዮ ከይብሉ ድማ እታ ዝለገሰቶ ኣካል ከም ትሳናበት ይገብር። ካብ ሓለውቱ፣ ውይ መራሕቲ መሳዓዝይኡ ነዊሕ ዕድመ ክህልዎም ኣየፍቅድን። እቶም ዘገልግልዎ ዝላዓለ ዕድመ ካብታ ዝተራኸቡላ ንውሱን እሱ ዝወሰኖ ጥራይ ኢዮም ንፋስ ኣዱንያ ዘተንፍሱ። ትንፋሶም ከሕጽራ ከሎ ድማ ምስኣ ሃገር ብሓፈሽኡ ትንፋሳ ትሓጽር።

ምዱብ ቁጠባዊ ወይ ምጣነ ሃብታዊ ምዕባለ ብውድቡን መደብን ኣይስነን። ኩሉ ዝርአ ትካላት እውን ንመናፍሕ ፕሮፓጋንዳ ኢዩ ዝሰራሕ። መንገዲ እንተ ተሰርሐ ምህርቲ ኣየማላልስን። ንህዝቢ ዝኸውን ሃልኪ እውን ከም ቀረብ ወይ ሰደድ ብዓቕን ወይ ብዓይነት ዝልካዕ ወይ ዝግለጽ ኣይኮነን። ጥራይ ዝተፈጸመ እንዳ ተባህለ ዘቖጸልጸለ ቃላት ሜድያ ይቃላሕ። ጽርግያ ኣብ ክንዲ ሃብቲ ሃገር ዘመላልስ ኣብ ራድዮን ተለቭዥንን ዲሞክራሲ ጽዒኑ ንህዝቢ ከም ዝዕድል ገርካ ይቕርብ። ሃገር ነቕጺ ድርቅን ከረውረው ኣቢልዋ ከሎ ነተን ዘለዋ ቁሩብ ማይ ኣብ ገለ ቀጠልያ ኣሕምልቲ ወይ ሳዕሪ ኣብቂላን ሃገር ሓምላይ ከም ዝመሰለት ይገልጻ። ገዛውቲ ኣብ ንእስ ዝበለ ዞባ ሃኒጽካ ጽባቐን ግርማን ከተማ ዝገልጽ ትርኢት ይዳኽር። ኣዴታትን ቆልዑን ንሕብስቲ ክዕድጉ ተሰሪዮም ከም ዘይሓደሩ ንኹሉ

ከታልል ዝኸእል ብንእሽተይ መሃረም ዝተታሕዘዝ ቅጫ ኣብ ሳዕሲዒትን ዳንኬርን ጽጋብ ሃገር ይግለጽ። ኣብየት ጉድ ጽቡቕን ስሉምን መቓብር ግን ውሽጡ ርኽሰትን ኣዕጽምቲ ደቂ ሃገር ይመስል። ገጽን ጉድን እቲ ሕብረተ-ሰብ። ልቕሉቕ መቓብር ታሪኽ ህዝብን ታሪኽ ፖለቲካዊ ዕርቃን እንታዳ ተጋህደ ይኸይድ። ህሞትን ኣቓልቦን መላእ ሕብረተ-ሰብ ከተዘንብዕ ምስ ከባቢኻ ውግእን ኲናትን ምጽሕታር ዕለታዊ መስርሕ ይኸውን። ሓተታ ዝብሉ ድያቆናት ልሳነ-ብዙሃን ቃል ኣብ ልዕሊ ቃል ዝድርድሩ፣ ንዝጠፈሸ ክስራኖም ብሓሶትን ፈኸራን ዓብሊኾም ዘቕርብዎ መናፍሕ ተደሪሮም ዘግባዕብዑ መደርቲ ዕላማን ምልክትን ሃገር ኣቐዲሞም ቅልቅል የብሉ። ካብ ኩሉ ተነጺሎም ከለዉ፣ ዓለም ከም ዝጨበጡን ኩሉ ድማ ናይ መሰላት መጣበቒ ይወሓስ የግብእ ክብሉ ንሰሞያም። ,,በይኑ ዝማጎት ዝረትየ የብሉን“ ዝብል መልእኽቲ ከም ዘመሓላልፉ ይበርህ። እዚ ሜላ እዚ ካበይ ይብገስ!!!!!!

ቅድሚ እታ ሓምሽይቲ ክፍሊ (5ይቲ) ምምስራት፣ ኣብ ሜዳ ኣርባዕተ ክፍልታት ጥራይ ኢየን ነይረን። እሳትን ድማ ቀዳመይቲ ክፍሊ ናይ ባርካ እሞ ብእድሪስ መሓመድ ኣደም ትውከል። ካልኣይቲ ናይ ሰንሒት ምስ ሳሕል ኣጣሚርካ ብእድሪ ገላውዶስ ትውከል። ራባዓይቲ ክፍሊ ድማ ናይ ሰምሃር ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ትውከል። እታ ሳልሰይቲ ክፍሊ ሓደ ኣብ ላዕለዋይ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ወካሊ ዘይብላ ብምንባራ ጥራይ ዘይኮነስ ከም ብሄር ሳሆ ብርክት ዝበሉ ስለ ዘይኮኑ ምስ ደቂ ከበሳን ጀበርትን ተማሓዚያን ተጠራኒፋን ትኸይድ ዝነበረት ኢያ። ኣብ ምቅርራብ ካብቲን ቀዳማይትን ካልኣይትን ብዝበለ ምስ ራባዓይቲ ትዳናገጽን ትጽጋዕን ነይራ። እዚ ናይ ክፍልታት ምምቕቓል ብዙሓት ሰባት ከም ኣሉታዊ ምክፍፋላት ገይሮም ዝወስድዎ ነይሮም። ይኹን እንበር እቲ ኣብቲ እዋን ከምኡ ክግበር ዝደፋፍአ ናይ ኣልጀሪያ ሰውራ ኣንጻር ፈረንሳዊ መግዛእቲ ዝካየድ ዝነበረ ከም ሞደል ( መለክዒ) ተራእዩ ኣብነታዊ ገርካ ብምውሳድ ዝተጠመተ ነይሩ። ዝኾነ ይኹን ግን ፍጹም መምዘኒ ኮነ መለክዒ ፍርዲ ንምሃብ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ማሕበራዊ ኣተሓሳስባ ኢዩ ከም ረቛሒ ክርአ ዘለዎ። ብናይ ሎሚ ኣተሓሳስባ ንናይ ሽዑ ወይ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ፍርዲ ክትህብ ዘይርትዓዊ ይኸውን። ቅድም ቅድም ኢትዮጵያ ነቲ ብሄራት ምስቲ ዝተኸለቶ ክቃያየም ዝተወስደ ስልቲ ወይጦታት ኮነ ናይ ስለላ መርበብ ብምውፋር ኣሉታዊ ጽልዋታት ከም ዝሰፍር ዘዋፈረቶ ሰፊሕ ደገፍ ንክትረክብ ኣየኽእላ እንበር ብመጠኑ ነቲ ህዝቢ ከም ዝሹቕረር ገይራቶ ኢያ። ካልእ እውን ኣብቲ ናይ ሰውራ ቀጽሪ ድማ በቶም ካብ ከርሲ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ዓብላሊ ቁጽሪ ዝነብሮም ደቂ ከበሳ ዝዋፈር ዝነበረ ናይ ኮማንድስ ምስ ጦር ኮይኑ ውዕዉዕ ውጋኣት የካይድ ብምንባሩ ገለ ገለ ቅምታስ ተፈጢሩ ንይሩ። እዚ ጸሊም በለቕ ዘለዎ ወፈራ ንምውግኡ ብረታዊ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ኣተሓሳስባ ምምዕራይ

እውን ክግበረሉ ይግባእ ነይሩ። ኣብዚ እዋን እዚ ኢዩ ኢሰያስ በቶም ኣመንቲ ምስልምና ዝወርድ ግፍዕታት ስለ ዘሎ ከይትስለፉ ክብል ህንጡይ ድዩ ወይስ ካልእ መሰነይታ ዘለዎ መልእኽቲ ዘመሓላለፈ። ብርግጽ ከም መንእሰይ ኮነ ብዘይ ንቑሕ ኣጠማምታ ፈጺምዎ ክኸውን ይኽእል ዝብል ገለ ማዕጾ ክትህብ ዝገብረካ ሓሳብት ይህሉ ይኸውን። ሎሚ ግን ኢሰያስ ካብቲ ሽዑ ክሳብ ሎሚ እንታይ ተማሂሩ ዝብል ሕቶ ምስ ተልዕል፣ ተጸልዩ ኣይተጸልዩ ኢሰያስ ብዘይገድስ ኣዕናዊ መስመር ከም ዝኸተል ጥራይ ኢኻ ክትፈርድ ትኽእ።

እቲ ንኹሉ ናይ ሜዳ ኣካይዳ ንምምዳብ ኣብ ኢድ ሳበን እድሪስ ገላውዶስ ስለ ዝነበረ፣ እሞ ክልቲኦም መተሃላልኽቲ ስለ ዝነበሩ እቲ ውድድር ኣሉታዊ ጎድኒ ክወስድ ጀሚሩ። ብመጀመርያ ኣንጻር ኢትዮጵያ ዝካየድ ውግኣት ኣብተን ክፍልታት ምድግጋፍ ኣይተራእየን። ብመጀመርያ ክጥመት ዝነበሮ ጉዳይ ክኸውን ነይርዎ ዝብል ሓሳብ ሕጂ ክትዋራዘየሉ ምስ ትፍትን ትርጉም ክህብ ኣይክእልን። ዕጥቃዊ ጎነጽ ኣንጻር ኢትዮጵያ ገና ኣብ ምውላዱ ስለ ዝነበረ ንኹሉ ናይ ሰራዊት ሜላታት ከም ተመክሮ ክጥቀስ ዝኽእል ብዘይ ምንባሩ ካብ ዘየለ ከም ዘሎ ገርካ ክትቕርብ ኣይካኣልን። ግን ብወገን ገላውዶስ ሓንቲ ነተን ክልተ ክፍልታት ባርካን ሰንሒትን ናብ ዓወት ተብጽሕ ኢያ ዝብላ መደብ ተበገሰት። ኢትዮጵያ ብፍላይ ካብ ደቂ ከበሳ ገለ ገለ ድማ ካብ ደቂ ቆላ ናይ ስለላ ሰባት ትልእኽ ብምንባራ ምቕባል ሓደሽቲ ተጋደልቲ ደስኪሉ ነይሩ። እቶም ደቂ ከበሳ ክቃለሱ ዝመጹ ድማ ገና ተዛረብቲ ትግርኛን ክርስትያን ስለ ዝኾኑ ናብ ሳልሳይ ክፍሊ ክኸዱ ይምርሑ ነይሮም። ነዛ ጉዳይ እዚኣ እድሪስ ገላውዶስ ገለ ረብሓ ዝረኽበላ ኣብ ግምት ኣእትዩ እሞ ምስ ሰንሒት መኳርብቲ ዓንሰባ ብቐረባ ብሰፊሑ ኣውራጃ ሓማሴን ስለ ዝኾነት ናይ ሓማሴንን ክርስትያንን ሓምሽይቲ ክፍሊ ከውጽእ ተጣበበ። ግን ብዝኾን ጸጋይ ገብረመድህን ኣባህሪርካ ከም ዝርሕቅ ዝብል ስልቲ ሓንጸጸ። ድሕሪ ጸጋይ ገብረመድህን ነታ ሓዳስ ትወጽእ ሓንሽይቲ ክፍሊ ወልዳይ ካሕሳይ መራሒኣ ክኸውን ድማ መደበ። በቶም ምሁራት ዝነበሩ ድማ ተሪር ተቓውሞ ኣጋጠሞ። ገላውዶስ ግን መታን ድልየቱ ከማልእ እውን ካብቲ ዝወጠኖ ክእለ ኣይደለየን። ብፍላይ ምስዚ ኣተሓሳስባ ድማ ኢሰያስ ደቂ ከበሳ ኣብ ኩለን እተን ክፍልታት ፋሕ ኢልና ክንቃለስ ኣለና ዝብል መርገጺ ከም ዘለዎ ኣብቶም ደቂ ከበሳ ከስምዕ ጀመረ። ኣብ ኣጠማምታ ወልዳይ ኮነ ኣብ ብዙሓት ግን ናይ ዘይምትእምማንን ምጥርጣራትን ከምኡውን ባህሪርካ ናይ ምስላም ዋሕዚ ስለ ዝነበረ። እቲ ሽግር ብናይ ግላውዶስ ውጥን ይኺድ ዝብል ርእይቶ ነይሩ። ሓቢርካን ተጻናቢርካን ምንባር ግን ኣብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ጥራይ ዘይኮነስ፣ እንተደኣ ከም መርገጽን ሕንጻጽን እሞ ብንጹርን መትከላውን መርገጺ ተሓንጺጹን፣ ልዕሊ ኩሉ ድማ ንቕሓት ናይ ኩሎም ኣብ ትሕቲ ዕጥቂ

ዘለዉ ሰራዊት ክብ ዝበል ተቐባልነት ተረኺቡ ተበጺሑን ጠመተና ምትሕንፋጽ ኢዩ ዝብል ሰፊሕ ርእይቶ ነይሩ። ምስቲ ዝነበረ ኩነታት ግን ናይ ብዙሓት ከበሳውያን ጀዋሲስ ኢዮም ዝብል ብኢደዋኒናዊ ምቕንጻላት ስለ ዝነበረ፣ መእለይ ይገበረሉ ዝብል ለባም ሓሳብ እውን ይስነ ነይሩ። እዚ ኣጠማምታ እዚ እውን እድሪስ ገላውዶስ ከም መፍትሒ ኣቕሪብዎ ክኸውን ይኽእል። መድረኻዊ ወይ በብመድረኹ ምቅርራብ ዝብል ሜላ እውን ዝወሰዶ። ኢሰያስ ግን ተለዋዋጢ ባህሪ ስለ ዘለዎ፣ ነቲ ናይቶም ደቂ ከበሳ ከም መፍትሒ ገይሮም ናይ ምቕባል ስምዒት ስለ ዘስተብሃለ ቀልጢፉ ንናይ እድሪስ ገላውዶስ ሓሳብ ዝነጽግ ተሪር ተቓውሞ ክገብር ጀመረ። ብመጀመርያ ኣይትሰለፉ ክብል ጸኒሑ ብሓንሳብ ድማ ምስቶም ኣመንቲ ካልእ እምነት ተሓዋዊስና ክንቃለስ ምባሉ ተጋላባጢ ባህሪኡ ኢኻ ትዕዘብ። ከም ቅኑዕ ኣተኣላልያ ሓንቲ ፈራዲት ኣካል ክትወጽእ እሞ ናይ ነፍስ-ወከፍ ውልቀሰብ ጉዳይ መርሚራ ፍርድን በያንን ከተሕልፍ ዝብል ጠለብ እውን ብወገን ኢሰያስ ኣይቀረበን። ነቲ ዝብሎን ዝደልዮን ስነ-ፍልጠታዊ ዛዕባታት ስለ ዘየቕርብ ድማ ክዕወት ኣይክእልን። ነቲ ናይ እድሪስ ገላውዶስ ግን ተቐቢሉ ዝኸይድ ወልዳይ ካሕሳይ ነበረ። እሱ ናቱ ኣጠማምታ ነይርዎ። እታ ንደቂ ከበሳ ትውክል ክፍሊ ምስ ትዓቢ ድማ ንኹሉ ትሓቶን ትውክሎን ከተማልእ ክትዓቢ ኣለዋ ዝብል ኣረኣእያ ኣሕደረ። እቶም ደቂ ከበሳ ኮነ ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ዝነብሩ ካልኦት ንኡሳት ብሄራት ኣብቲ ዝርገሐ ሰራዊት ጽልዋ ስለ ዘይነበሮም ድማ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮምን። ግላውደስ ንሳበ ሰለስተ ብክልተ (3-2) ክዕወተሉ ኢዩ ተበጊሱ ዝብል ርእይቶ እውን ነይሩ። ሳበ እውን ነቲ ቁጽሪ ከምክን ነታ ሓምሸይቲ ክፍሊ ናይ ኣከለ-ጉዛይ ክገብራ ጸረ ግላውዶስ ተበገሰ። ኣብ እቲ ሳዕለዋይ ባይሮ ዘይምትእምማን ስለ ዝነበረ፣ እቲ መድረኽ ሓድሽ ከበሳዊ ኮነ ኣውራጃዊ ውድድር ተኸፍተ። ነቲ ዝተጀመረ ኣስተብሂሉን ከይክፈትን ሓያል ተቓውሞ ዘስመዐን ኣብቲ ብድሕሪ ኣሰያይማ 5ይቲ ክፍሊ ዝተኻየደ ቁርቁስ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ ሃይለ ድሩዕ ነበረ። ነቲ ኣውራጃዊ ኣጸዋውዓ ፈጺሙ ተቓወሞ። እዛ ሓምሸይቲ ክፍሊ ናይ ኣውራጃ ኣጸዋውዓ ክህሉዋ ኣይግባእን ኣብ ዝበለሉ ድማ ካብቲ ዝጻወቶ ዝነበረ ንጡፍ ታራ መታን ክርሕቕ ምስ ሓንቲ ናይ ከቢድ ብረት ኣሃዱ ንፍልፍል ክኸይድን ክእለን ተገብረ። ስለዚ ኣብቲ ናይ ምንቕቓሕ ድማ ድስኩል ተራ ከም ዝህልዎ ተገብረ። ሃይለ ድሩዕ ኣብ ሰራዊት ናይ ዕጥቃዊ ሓድነትን ቡቕሊ ሃገራዊ ስምዒትን ከዕዝዝ ዝቃለስ ምንባሩ ክሳብ ናብ ናይ ናጽነት ምብራቕ ዝተጻወቶ ግደ ኩሉ ኣብ ህዝባዊ ሰራዊት ዝነበረ ዝምስክሮ ሓቂ ስለ ዝኾነ ዝኣለምካ ኣሊምካ ክትፍሕቆ ኣይካኣልን።

እዚ እውን ጥራይ ኣይኮነን ናይ ሃይለ ድሩዕ ተራ። ኣብቲ ነታ ሓምሻይ ክፍሊ ንሙቋም ዝግበር ዝነበረ ዋዜማ ኢሰያስ ዝጻወቶ ዝነበረ ሕማቕ ተራ ዕሽላዊ ኢዩ ዝብል ገምጋም ስለ ዝነበሮ፣ ኢሰይስ ዝእለየሉ መንገዲ ወይ ግዝያዊ ዝርሕቀሉ ሃሰስ ይብል ነይሩ። ቻይና

ንሰውራ ኤርትራ ናብ ደሳዊ ደንበ መእተዊ ኣፍሪቃ ገይራ ስለ ዝጠመተታ እሞ ምልኡ ጸብጻብ ስለ ዝነበራ ሓሙሽተ ካድራት ከተሰልጥን ዕድል ሃበት። ካብ ነፍስ-ወከፍ ክፍሊ ድማ ሓደ ተጋዳላይ ንናይ ካድርን ፖለቲካዊ ትምህርቲን ናይ ሰውራ ምምራሕን ብረታውን ኣተኣላልያ ክመሃሩ ዝብል ጠለብ ከማላእ ብወገን ቺና ፈልያ ካብተን ክፍልታት ሓሓደ ሰብ ክህቡ መደበት። ልክዕ ኢዩ ቺና እታ ሓምሽይቲ ክፍሊ ገና ተደላዲላ ዘይቆመት ምኻና ኣፍልጠ ኣይነበራን። ይኹን እንበር ጀብሃ ድማ ንክርስትያን ኢላ ሓምሽይቲ ክፍሊ ሓንቲ ማዕረ እተን ካልኦት ደልዲላ ዝረገጸት ገይራ ኣቕሪባ ብምንባራ ሓደ ካብኣቶም ክውክሉ ሓበረቶም። ብርግጽ ከም ሓምሻይ ሰብ ናይ ሓምሻይ ክፍሊ ክትውክል ይከኣል ነይሩ። ግን በቲ ዝተዋህበ መደብ ግን ባዕላ እታ ክፍሊ ክትውክል ምሉእ ዕድል ተዋህባ። ወልዳይ ካሕሳይ ክኸይድ ምሉእ ዕድል ነበሮ፡ ንሱ ግን ስለ ዘይደለየ ነቶም ተጋደልቲ ሓደ ሰብ ክመርጹ ዕድል ተዋህቦም። እቲ ምርጫ ናይ ተጋደልቲ ንሙሴ ተስፋሚካኤል ተወሰን። ይኹን እንበር ኣብ ናይ እምነትን ብሄርን ኢሰያስ ብዙሕ ታሕቲ ታሕቲ ኮነ ምስ ወልዳይ ካሕሳይ ብፍላይ ኣብ ህልኽ ኣትዩ ስለ ዝነበረ፣ ኣብ ህይወቱ ኮነ ኣብ ፍጹም ህላዌ እታ ክፍሊ ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ንሃይለ ድሩዕ ስለ ዘሰከፎ፣ ኣብቲ ምርጫ ዳግመ ጠመተ ክግበረሉ ስለ ዝተንቀሳቐሰ እሞ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ፍጹም ኣወንታዊ ኣረኣእያ ስለ ዝነበረ መታን ኩሉ ክመዓራረ ኢሰያስ ክኸይድ ርእይቶ ኣቕረበ። ብናይ ወልዳይ ካሕሳይ ድልየት እንተደኣ ሙሴ ዘይከይዱ ሃይለ ድሩዕ ለባምን ንኩሉ ዝካየድ ምይይጥን ክትዕን ዝኣሊ ብምንባሩ ንዑኡ ክኸይድ ይደልዮ ነይሩ። ኣብቲ እዋን እቲ ሙሴ ኣብ ከሰላ እታ ናይ መጀመርያ መጽሄት ናይ ሓሙሽይቲ ክፍሊ ክጽሕን ከዳሉን ኣብ ከሰላ ኢዩ ዝነበረ። ተጋደልቲ ናይቲ እዋን እቲ ነታ ብሃይለ ድሩዕ ምርጫ ስለ ዘቕለብሉ ንሙሴ ኣትሪፎም ንኢሰያስ ክኸይድ ተወሰነ። ውልዳይ ካሕሳይ እውን እቲ ብኢሰያስ ዝኸይድ ምትኹታኽ ጸሊእዎ ስለ ዝነበረ ንቻይና ምኻዱ ኣይተቓወሞን። ኣሕጽር ኣቢልካ ምርኣይ ነይሩ ክኸውን ይኽእል፣ ካብ ኩሉ ግን ናይ ኢሰያስ ናብ ቻይና ምኻድ ኣወንታዊ ነይሩ'ዶ ከምቲ ሃይለ ድሩዕን ወልዳይ ዝገመትዎ ወይስ እቲ ናቱ ናብ ቻይና ምኻድ ነዚ ዘሎ ህሞት ክፍጠር ክኢሉ ኣብ ዝመጽእ ክንሪኦ ኢና።

ኣብ ራብዓይ ክፋል ክሳብ ንራኸብ ሰላምታይ የመሓላልፍ።

ተስፉ ዘውደ።